# ሓሳዊ ልሳን ህግደፍ !!

*ኣርቲስት ተዎድሮስ ሃብተ*
ኣባል ክፍሊ ሙዚቃ ግንባር
ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ።

ብስራሕ ንምክት ንግስግስ
ብስራሕ ንምክት ንግስግስ
ሃየ ንኺድ ጥራይ ..........
ኣየኸየ ትብል ኣብሻይ ጽረሃ
መናቓጺ ወረ እዝና ምስ ኣስበሓ

ወዳጀ ሰብ ኣኸዛ ኣዝመራ ምስ ክረምቲ ትጓየዩ
ሰብ ሰርቢ ነጎዳ ደፋእ ፋእ ትብሉ ትዓዩ
ሓረስቶት ዘመና መሳፍንቲ ሎሚ
ሰብ ቃድራ ግራውቲ ርኢናልኩም ትልሚ

ሊላይ'ባ ብስራሕ ትምክቱ ትግስግሱ
ሰብ ነዊት ሰብ ዕርፊ ትምሕሱ ትሓፍሱ
ሰብ ጸጋ ሰብ ጥራይ ሽሻይ ተቋድሱ
ጻዕራማት ገባሮ ርሃጽኩም ተፍስሱ
ኣየ ህግደፋውያን .....................

ሰይ .......... ብስራሕ ንምክት ንግስግስ
ብየናይ ኣእጋር ኣሰጋጋር ሓላክስ
ሰልሚ ዘይደፍር ጦምሳች ዳንጋ
ቆራቁሮ መሓውር ምኹርማይ ዝብህጋ
ኤረና ንሎሚዘመን እምበር
ንዓመታ ሰዊት ለምለም .......

ግርምባ ንዕድልካ ምንባር
ምስ ትምኒት ምቅድዳም
ኣብ ሕልሚ ትጋልቡ ትዋዘዩ ጉዳም
ህርፋን ትዕንገሉ ዓመት መጸ ዳምዳም

ወይ ጉድ ኣብዚ ኣሎኻ ጽዋ.....ዓጀብ ዘረባ
ኣየ ሰብ ስራሕ ሰብ መኸተ
ገስገስቲ ሃገራውያን ሰብ ሓኾተ
ንኺድ ጥራይ ኣየ ናትኩም ውራይ
ተኸልቲ ዳስ ሓውያ በዓል ዛህላይ ማህላይ

ክንደይ'ኳ .........................!!

እንቀዓ ትሰርሑ ገበተ ንገበተ
ኡፎይ'ኳ ዘይትብሉ በርህ ጸልመተ
ሃባርም ህግደፋውያን ...............
እቲ ትሕቲ ህሉዋት ልዕሊ ዝሞተ
ሰኣን እንኮ ኩላሶ ልሳኑ ዝተለኸተ
ኣብ ጽጉብ መኣዲ ከይቐርብ ዝተዓግተ

ምንባሩ ዝቐበጸ ተስፋ ዝሃደሞ
ንከርስኹም ክኽድም ሃሙ ዝጠለሞ
ብሞቐሕ ደቂ ዝበለየ ህዝቢ

ዕድሉ ክረግም ንሞቱ ክትንቢ ዝሰሃግ ዘሎ ደኣ ……

ኣቤ …………ት የቕልሎ
ብስራሕ ንምክት ንግስግስ
ጸረብቲ ዘረባ ጨለታት ሰብ መልሓስ
ኣብ ግራት ዓኺይ ምዝንባይ ዲዩ መኸተ
ምህርቲ ካብ ዓውዲ ብርእዮ ዘመተ
ህግደፋውያን……………………..!!

ሓቂ ይመስሎ ውዕለትኩም ዘይርኢ
ቆፋፉ ዓዲ'ቦ ሓርቢትዎ ዘርኢ
ዘበን ኣካሒዳ ዓዲ ሞት ቅልውላው
መልኣኸቲ ድኽነት ብኮፍካ ምጥቃው።

ብስራሕ ንምክት ንግስግስ ገሳጊሳ
ሃገር ኣብ ውልዶ ተኸላ ተመሊዒሳ
ኣብ ዘላታ ተወሰከታ ኰንኩማ ቃንዛ
ቁስሊ ትማሊ መሊሳ ረዚዛ
እንተትሰርሑ ደኣ ተናዚዛ
ሃገር ቃንዛ ከም እዛ ዋዛ
ንቡር ኮይኑዋ…………..

ኣየኸየ ትብክ ኣብሻይ ጽረሃ
መናቐጺ ወረ እዝና ምስ ኣስብሓ

ብስራሕ ትምክቲ ትግስግሱ
መለሳ ነጻነት ብጊላነት ተካሕሱ
መስዋእቲ ፍረ ገንሸል ሃገር ዝደኮነ
ኣብ ሓርነቱ ዘጽልል ሰቡ ደኣ ምሰኣነ
ሕግደፋውያን………………..

በዓል ንኪድ ጥራይ ሓመድ ድብ ሰላም
ቅሳነት ኣልቦ ዝዕድም ናትኩም ዓለም
ዕድመ ዕምሩኹም ብኲናት ኣምር ዝተጸምደ
ዕሉል ስደት ዜጋታት ግብርኹም ዘግሃደ
ከደኣ ይበል ……………….

ቆነንቲ ስራሕ ንምክት ንግስግስ
ኣካ ተራእየኒ ማይ ንዓቐብ ክፈስስ
ብሑቕ ሓቢኣ ዘውረደት ዕዳጋ
ሕሱም እዋን ተረካቢት ዕዳ
ብሑቓ ኣሕዲኩማ ካብዛ ኢዳ
ወላድ መኻን ኣደ ወሪዱዋ ሓደጋ
ወላዲት እንታይ ትበል ………………….

ንኺድ ጥራይ ካበይ ናበይ ሓንኳል ስነሓሳብ ፍልስፍና ግናይ
ብስራሕ ትምክቱ ትግስግሱ
ካብ ሓዲድ ዘሊላ ክትጎብጥ ትደናደን
ደፋር ባብርኩም ጎብየ ክትሃድን
ዓለም መመንገዳ ኣሎዋ ህግደፋውያን
ስለ ዝበረርካ ጥራይ ኩሉ ክንፊ ኣይኮነን

ብስራሕ ንምክት ንግስግስ
ብስራሕ ንምክት ንግስግስ
ሃየ ንኺድ ጥራይ ……….
ኣየኸየ ትብል ኣብሻይ ጽረሃ
መናቓጺ ወረ እዝና ምስ ኣስበሓ

ወዳጆ ሰብ ኣኸዛ ኣዝመራ ምስ ክረምቲ ትኻየዩ
ሰብ ሰርቢ ነጎዳ ደፋእ ፋእ ትብሉ ትዓዩ
ሓረስቶት ዘመና መስፍንቲ ሎሚ
ሰብ ቃድራ ግራውቲ ርኢናልኩም ትልሚ

ሊላይ'ባ ብስራሕ ትምክቱ ትግስግሱ
ሰብ ነዊት ሰብ ዕርፊ ትምሕሱ ትሓፍሱ
ሰብ ጸጋ ሰብ ውራይ ሸሻይ ተቋድሱ
ጻዕራማት ገባሮ ርሃጽኩም ተፍስሱ
ኣየ ህግደፋውያን …………………

ሰይ ………. ብስራሕ ንምክት ንግስግስ
በየናይ ኣእጋር ኣሰጋጋር ሓላክስ
ሰልሚ ዘይደፍር ጦምሳቕ ዳንጋ
ቆራቁሮ መሓውር ምኹርማይ ዝብህጋ
ኤረና ንሎሚዘመን እምበር
ንዓመታ ሰዊት ለምለም
ግርምባ ንዕድልካ ምንባር
ምስ ትምኒት ምቅድዳም
ኣብ ሕልሚ ትጋልቡ ትዋዘዩ ጉዳም
ህርፋን ትዕንገሉ ዓመት መጸ ዳምዳም

ወይ ጉድ ኣብዚ ኣሎኻ ጽዋ…..ዓጀብ ዘረባ
ኣየ ሰብ ስራሕ ሰብ መኸተ
ገስገስቲ ሃገራውያን ሰብ ሓኾተ
ንኺድ ጥራይ ኣየ ናትኩም ውራይ
ተኸልቲ ዳስ ሓውያ በዓል ዛህላይ ማህላይ
ክንደይ'ኳ ……………………..!!

እንቀዓ ትሰርሑ ገበተ ንገበተ
ኡፎይ'ኳ ዘይትብሉ በርህ ጸልመተ
ሃባርም ህግደፋውያን ……………
እቲ ትሕቲ ህሉዋት ልዕሊ ዝሞተ
ሰኣን እንኮ ኩላሶ ልሳኑ ዝተለኸተ
ኣብ ጽጉብ መኣዲ ከይቐርብ ዝተዓግተ

ምንባሩ ዝቐበጸ ተስፋ ዝሃረሞ
ንከርስኹም ክኽድም ሃሙ ዝተለሞ
ብሞቑሕ ደቁ ዝበለየ ህዝቢ
ዕድሉ ክረግም ንሞቱ ክትንቢ ዝሰሃግ ዘሎ ደኣ ……
ኣቤት የቕልሎ………….